# መሓበሪ ሰነድ ንመግለጺ

# ብዛዕባ መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር COVID-19 (**Co**rona **Vi**rus **D**isease 20**19**)

# – ምስ mRNA-ነገራት ክታበት –

መርገጽ፦ 22 ታሕሳስ 2020 (እዚ ቅጥዒ መግለጺ ብቀጻሊ ይሕደስ ኣሎ)

ስም ናይቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ፥ ______________________________________________
(ብፍሩይ ኣጸሓሕፋ)

ዕለት ልደት፦ ______________________________

## COVID-19 እንታይ እዩ፧

ኮሮናቫይረሳት ብውሑዱ ካብ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ፍሉጣት ኔሮም። ካብ ቀያር ዓመት 2019/2020 ኣብ ምሉእ ዓለም ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ይዝዋወር ኣሎ፣ እዚ ድማ SARS-Coronavirus-2 (SARS-CoV-2) ይብሃል፣ መልዓሊ ሕማም ኮቪድ-19 (Corona Virus Disease 2019) እዩ።

ካብቶም ብዙሕ ዝቕልቀሉ ምልክታት ሕማም ናይ ኮቪድ-19 ንቑጽ ሰዓል፣ ረስኒ (ልዕሊ 38 °C)፣ ሕጽረት ምስትንፋስ እዮም ከምኡ'ውን ግዝያዊ ስእነት ናይ ምሽታትን ምስትምቓርን ህዋስ። ዋላ ሓፈሻዊ ስምዒት ሕማም ምስ ቃንዛ ርእስን መሓውርን፣ ቃንዛ ገሮሮ ከምኡ'ውን ሰዓል ብተሓከምቲ ይግለጽ እዩ። ተሓከምቲ ብዛዕባ ናይ ከብድን መዓንጣን ጸገማት፣ ኰልመት ከምኡ'ውን ሕበጥ ሊምፍታት ሳሕቲ ይሕብሩ። ብድሓር ክመጹ ዝኽእሉ ጉድኣታት ኣብ ስርዓት መትንታት ወይ መትኒ-ልባዊ ስርዓት ከምኡ'ውን ንውሕ ዝጸንሑ ኣከያይዳታት ሕማም ይከኣሉ እዮም። ሽሕ'ኳ እቲ ኣከያይዳ ናይቲ ሕማም ዝበዝሐ ግዜ ቅልል ዝበለ እንተኾይኑ ከምኡ'ውን መብዛሕትኦም ሕሙማት ብምልኡ ዝሕውዩ ኮይኖም፣ ክብድ ዝበሉ ኣከያይዳታት ምስ ነድሪ ሳንቡእ ብፍሽለት ኣገባብ ሳንቡእ ክሳብ ሞት ክበጽሑ ይኽእሉ።

ኣብ መንጎ ምውጋድ ልበዳ ብምኽታል ሕጋጋት AHA + A + L (ርሕቐት ምግዳፍ፣ ጽሬት ምኽታል፣ መዓልታዊ ማስክ ምኽዳን፣ ናይ ኮሮና መጠንቀቕታ ኤፕ ዳውንሎድ ምግባር፣ ኩሉ ግዜ ምንፋስ) እቲ ክታበት ዝበለጸ ምክልኻል ካብ ሓደ ሕማም ይህብ እዩ።

## እቲ ዓይነት ክታበት እንታይ እዩ፧

እቲ ኣብዚ ዝግለጽ ዘሎ mRNA-ኮቪድ-19 ባእታ ክታበት (Comirnaty®) ሓደ ብተክኒክ ፈርዒ (ጂን) ዝተሰርሐ ባእታ ክታበት እዩ፣ ካብ ሕድሽ ዝበለ ተክኖሎጂ ይምርኮስ እዩ። ተወሰኽቲ ናይ mRNA ነገራት ክታበት ይምርመሩ ኣለው፣ ግና ሕጂ ገና ፍቑዳት ኣይኮኑን።

mRNA (ቦተን-RNA ወይ መልእኽቲ ዝሰድድ ሪቦኑ-ኣቺዶ) ናይ "ህንጻ መምርሒ" ፕሮቲን ኣብ ኣካላትና እዩ ከምኡ'ውን ምስቲ ሰብኣዊ DNA/ዲ.ኤን.ኤይ ዝብሃል ሓበሬታ ውርሻ ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን። ኣብቲ ክታበት mRNA ኣንጻር COVID-19 ናይ "ህንጻ መምርሒ" ንሓደ ንጽል መባእታ ቫይረስ (ስፓይክ-ፕሮቲን / Spikeprotein ይብሃል) ኣትዩ ኣሎ። እዚ ስፓይክ-ፕሮቲን ባዕሉ ዝኾነ ጉድኣት ክገብር ኣይክእልን እዩ። እቲ ክታበት ስለዚ ተላባዲ ኣይኮነን።

እቲ ኣብቲ ክታበት ተታሒዙ ዘሎ mRNA ኣብ ሰብኣዊ ሕነተ-ሰረት ተተኺሉ ዘይኮነ፣ ግና ኣብ ኣካላትና ድሕሪ ሓደክልተ መዓልትታት ክድምሰስ እዩ። ካብኡ ንየው ናይ ቫይረስ ፕሮቲን ኣይክፍጠርን እዩ።

እቲ ድሕሪ'ቲ ክታበት ካብ ነፍስወከፍ ኣካላት (ኣብ ናይ ጭዋዳ ዋህዮታት ኣብቲ ዝኸተበሉ ቦታ ከምኡ'ውን ኣብ ፍሉያት መከላኸሊ ዋህዮታት) ዝተቖሙ ስፓይክ-ፕሮቲናት ካብ ስርዓተ ምክልኻል ብያነ ከም ጓና ፕሮቲናት ይፍለጡ፣ ብእኡ ፍልይ ዝበሉ መከላኸሊ ዋህዮታት ክውላዑ እዮም፥ ጸረ-ኣካላት ኣንጻር'ቲ ቫይረስ ከምኡ'ውን መከላኸሊ ዋህዮታት ክቖሙ/ክፍጠሩ እዮም። ብኸምኡ ዝከላኸል መልሲ ብያነ ክለዓል እዩ።

ንእኹል መከላኸሊ ክታበት እቲ ትሕዝቶ ክታበት ክልተ ሳዕ ኩሉ 3 ወርሒ ክወሃብ ኣለዎ። እቲ ክታበት ሽዑ ኣብቲ ናይ ላዕለዋይ ምናት ጭዋዳ ክውጋእ እዩ።

## እቲ ክታበት ማዕረ ክንደይ ይሰርሕ፧

እቲ እኹል መከላኸሊ ክታበት 7 መልታት ድሕሪ'ቶ 2ይ ክታበት ይጅምር። ብናይ ሕጂ ግዜ ዝፍለጥ መርገጽ ዳርጋ 95 ካብ 100 ተኸቲቦም ዝነበሩ ሰባት ካብ ሕማም ተኸላኺሎም እዮም። እዚ መከላኸሊ ክንደይ ግዜ ከምዝጸንሕ ሕጂ ገና ፍሉጥ ኣይኮነን። እቲ መከላኸሊ ብቐጥታ ድሕሪ'ቲ ክታበት ስለዝጅምር ከምኡ'ውን ኣብ ኩሎም ዝተኸተቡ ሰባት ስለዘይሰርሕ፣ ዋላ'ኳ እቲ ክታበት ዝተገብረ፣ እስኹምን ከባብኹምን ክትኸላኸሉ ኣድላይ እዩ፣ ሕጋጋት AHA + A + L እናተኸተልኩም።

## ካብቲ ክታበት ብፍላይ መን ይኸስብ፧

እቲ ኮቢድ-19-mRNA-ክታበት ንካብ 16 ዘዕደሙ ሰባት ፍቑድ እዩ፣ ኩሎም ልዕሊ 16 ዘዕደሙ ሰባት ክታበት ኮቪድ-19 ንክቕርበሎም ቀንዲ ዕላማ እዩ። ኣብ መጀመርታ ግና እኹል ነገራት ክታበት ንቀለብ ኩሎም ሰባት ስለዘየለው፣ እቶም ዝስዕቡ ሰባት ቅድም ክኽተቡ ኣለዎም፥ ብፍላይ ልዕል ዝበለ ርከሳ ናይ ብርቱዕ ወይ ክሳብ ሞት ዝመጽእ ኣከያይዳ ኮቪድ-19 ዘለዎም ሰባት (ንኣ. ኣረገውቲ ሰባት ማለት'ዩ)፣ ብሰንኪ ስርሖም ብሕልፊ ልዕል ዝበለ ርከሳ ምልካፍ SARS-CoV-2 ዘለዎም ሰባት፣ ወይ ብሰንኪ ስርሖም ብፍላይ ምስ ናይ ኮቪድ-19 ዝተደንገቱ ሰብ ርክብ ዘለዎም ሰባት። እዚ ናይ STIKO ግምገማ እዩ (ቀጻሊ ኮሚሽን ክታበት ኣብ Robert-Koch-Institut) ብምኽባር ብሓባር ዝተሰርሑ ሰነዳት ናይ ጀርመን ዋዕላ ሞራል/ኤቲክስ ከምኡ'ውን ናይ ለኦፖልዲና/Leopoldina.

## ክታበት ንመን ክወሃብ ኣይግባእን፧

ኣብ ሕጂ ግዜ ፍቓድ ክታበት ገና ዘይብሎም ትሕቲ 16 ዘዕደሙ ቆልዑትን መንእሰያትን ክኽተቡ የብሎምን። እኹላት ተመኩሮታት ገና ስለዘየለው፣ እቲ ክታበት ኣብ ግዜ ጥንስን ምጥባውን ኣብ ሕጂ ግዜ ጥራይ ድሕሪ ውልቃዊ ዝኾነ ምምዛን ርከሳን ጥቕምን ተመኺሩ።

ሕማም ምስ ልዕሊ 38.5°C ዲግሪ ረስኒ ዘለዎ ሰብ ጥራይ ድሕሪ ሕውየት ክኽተብ ኣለዎ። ግን ሰዓል ወይ ቅሩብ ልዕል ዝበለ ዋዒ (ትሕቲ 38.5°C ዲግሪ) እንተሎ እቲ ክታበት ክግበር ይከኣል። ልዕለ ተኣፋፍነት ኣብ ገለ መባእታ ክታበት እንድሕር ኣሎ፣ ክኽተብ የብሉን፥ ዝኾነ ቁጥዐ/ኣለርጂ እንተዘለኩም ንሓኪም ክታበት ቅድሚ ምኽታብ ንገርዎ/ዋ ብኽብረትኩም።

ልበዳ ምስ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ኣብ ብሕሉፍ ዝተረጋገጸሎም ሰባት፣ እዚኦም ንሕጂ ክኽተቡ ናይ ግድን ኣየድልዮምን። ግና ዋላ ክታበት እንተገበሩ ተጓዳኢ ኣይኮነን።

**ቅድምን ድሕርን ክታበት እንታይ ክገብር ኣለኒ፧**

ድሕሪ ቅድም ዝተገብረ ክታበት ወይ ብካልእ ስሪንጋ ወንኹም እንድሕር ጠፊእኹም ኔርኩም ወይ ቀጥታዊ ቁጥዐ እንተዘለኩም፣ እዚ ነቲ/ነታ ሓኪም ክታበት ቅድሚ ምኽታብ ንገርዎ/ዋ ብኽብረትኩም። ሽዑ ንሱ/ንሳ ድሕሪ'ቲ ክታበት ምናልበት ንነዊሕ ግዜ ክዕዘበኩም ይ(ት)ኽእል።

ክሳብ ካልኦት ክታበታት ብውሕዱ 14 መዓልትታት ግዜ ክግደፍ ኣለዎ።

ድሕሪ'ቲ ክታበት ኣዕሪኹም ከተጥንቅቑ ኣየድልየኩምን።

ቃንዛታት ወይ ረስኒ ድሕሪ ክታበት እንተዘለኩም ("ኣየኖት መልስታት ክታበት ድሕሪ ምኽታብ ክቕልቀሉ ይኽእሉ፧ " ረኣዩ) ንቃንዛ/ረስኒ ዘግዱሉ መድሃኒታት (ንኣ. ፓራሰታሞል) ክውሰዱ ይኽእሉ። ዘቤታዊ ሓኪምኩም ብዛዕባኡ ክ(ት)መኽረኩም ይ(ት)ኽእል።

**ኣየኖት መልስታት ክታበት ድሕሪ ምኽታብ ክቕልቀሉ ይኽእሉ፧**

ድሕሪ ክታበት ምስቲ mRNA-ባእታ (Comirnaty®) ኣካላትና ምስቲ ባእታ ክራኸብ እንከሎ ከባብያውያንን ሓፈሻውያንን መልስታት ከልዕል ይኽእል። እዚኦም መልስታት ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ውሽጢ 2 መዓልትታት ድሕሪ'ቲ ክታበት ይቕልቀሉ ከምኡ'ውን ዝያዳ 1 ክሳብ 2 መዓልትታት ሳሕቲ እዮም ዝጸንሑ።

እቶም ብዝበዝሕ ዝተሓበሩ መልስታት ክታበት ኣብ ክሳብ ሕጂ ክልተ ወርሒ ዝገበረ መዕዘቢ ግዜ እቶም ዝስዕቡ ኔሮም፥ ቃንዛ ኣብ መወግኢ ቦታ (ዝያዳ 80%)፣ ድኻም (ዝያዳ 60%)፣ ቃንዛ ርእሲ ከምኡ'ውን ምንቅጥቃጥ (ዝያዳ 30%)፣ ቃንዛ መሓውር (ዝያዳ 20%)፣ ረስኒ ከምኡ'ውን ሕበጥ ኣብቲ መወግኢ ቦታ (ዝያዳ 10%)። ብዙሕ ግዜ (ካብ 1% ክሳብ 10%) ስግድግድን ምቕያሕን ኣብቲ መወግኢ ቦታ ይመጹ። ሓደሓደ ግዜ (ኣብ መንጎ 0.1% ከምኡ'ውን 1%) ሕበጥ ሊምፍታት፣ ምስኣን ድቃስ፣ ቃንዛ ኣብ ምናት ወይ እግሪ፣ ቀጨውጨው ከምኡ'ውን ምስሓይ ኣብቲ መወግኢ ቦታ ይቕልቀሉ። እቶም ዝበዝሑ መልስታት ኣብ እርግ ዝበሉ ሰባት ካብ ኣብ ንእስ ዝበሉ ሰባት ቅሩብ ሳሕቲ ይረኣዩ። መልስታት ክታበት ብዝበዝሕ ግዜ ቀሊል ወይ ማእከላዊ ይፍጸሙ ከምኡ'ውን ድሕሪ'ቲ ካልኣይ ክታበት ቅሩብ ዝያዳ ይቕልቀሉ።

**ጸገም ክታበት ክቕልቀል ይከኣል ድዩ፧**

ጸገም ክታበት ካብ ልሙድ ብርታዐ ናይ መልሲ ክታበት ሳዕቤን እዩ፣ እዚ ሳዕቤን ሽዑ ንጥዕና ናይቲ ዝተኸተበ ሰብ ብዕቱብ ክጎድእ ይኽእል።
ኣብቶም ቅድሚ ፍቓድ ዝነበሩ ሰፍሕቲ ክሊኒካውያን መርመራታት እቲ ኣብዚ ዝተገልጸ ባእታ ክታበት mRNA (Comirnaty®) ምስተወሃበ፣ ክሩር ልምሰት ገጽ ኣብ 4 ሰባት (ካብ 0.01% ክሳብ 0.1%) ተዓዚቡ ኔሩ። እዚ ምስቲ መበቈላዊ ክታበት እንተ ተኣሳሲሩ ብቀጻሊ ይምርመር ኣሎ። ተወሰኽቲ ብርትዕ ዝበሉ ጸገማት ኣብቶም ክሊኒካውያን መጽናዕትታት ኣይተዓዘቡን ኔሮም። ካብ ምጅማር እቲ ክታበት መልሲ ልዕለ ተኣፋፍነት ኣዝዩ ሳሕቲ ተሓቢሩ ኔሩ። እዚ ድሕሪ እቲ ክታበት ኣብ ሕጽር ዝበለ ግዜ ተቐልቂሉ ከምኡ'ውን ብሓኪም ክሕከም ኔርዎ። ከም ኣብ ኩሎም ባእታታት ክታበት፣ ካልኦት ጸገማት ብመሰረት ክስረዙ ኣይከኣሉን እዮም።
ድሕሪ ሓደ ክታበት ምልክታት ካብ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ቀልጢፎም ዝሓልፉ ሓፈሻውያን መልስታት፡ እንድሕር ተቐልቂሎም፣ ናይ ክታበት ሓኪምኩም ውን ናይ ግድን ክ(ት)መኽረኩም እዩ/እያ። ብርቱዓት ጸገማት እንተለው ብቕልጡፍ ኣብ ናይ ሓኪም ሕክምና ኪዱ ብኽብረትኩም።

ጐድናዊ ሳዕቤናት ዋላ ባዕልኹም ክትሕብሩ ኣማራጺ ኣሎ፥ https://nebenwirkungen.bund.de

**ንመወሰኽታ እዚ መሓበሪ ወረቐት'ዚ እቲ ሓኪም ክታበት ናይ መግለጺ ዝርርብ የቕርበልኩም እዩ።**

ምልክታታት፥

________________________________
ክታም ሓኪም ክታበት

____________________________________________
ክታም ናይቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ (ወይ ናይቲ ሕጋዊ/ት ወኪል)

ትካል Paul-Ehrlich-Institut (PEI) መሕትት ብዛዕባ ተጻዋርነት መባእታታት ክታበት ንምክልኻል ኣንጻር እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (SARS-CoV-2) ብናይ SafeVac 2.0 ዝብሃል ሞባይል ኤፕ የካይድ እዩ። እቲ መጠይቕ ወለንታዊ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ከምኡ'ውን ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ
https://www.zusammengegencorona.de/informieren/informationen-zum-impfen/

https://www.bzga.de/

www.rki.de/covid-19-impfen

https://www.pei.de/DE/newsroom/dossier/coronavirus/coronavirus-inhalt.html

ሕታም 1 ቨርዝዮን 002 (መርገጽ 22 ታሕሳስ 2020)

እዚ መግለጺ ቅጥዒ ብናይ ጀርመን ቀጠልያ መስቀል (Deutsches Grünes Kreuz e.V.) ኣብ ማርቡርግ ብምትሕብባር ትካል ሮበርት ኮኽ (Robert-Koch-Institut) ኣብ በርሊን ተሰሪሑ ከምኡ'ውን ብመሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ። እዚ ቅጥዒ ጥራይ ንዘይንግዳዊ ጥቕሚ ዝዝርግሕ እንተኾይኑ ይፍቐድ እዩ፣ ጥራይ ሽዑ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ይፍቐድ። ዝኾነ ምስራሕ ወይ ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን።

ተዘካር ንክታበት ኮቪድ-19 - ምስ mRNA-ክታበት

**1. ኣብ ሕጂ ግዜ ክሩር ዝኾነ ሕማም ምስ ረስኒ ኣለኩም*፧**

0 እወ　　　　0 ኣይፋል

**2. ሕዱራት ሕማማት ወይ ድኻም ብያነ (ንኣ. ብቅመመ-ምፍዋስ ወይ ካልኦት መድሃኒታት) ኣለኩም* ዶ፧**

0 እወ　　　　0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት_______________________________________________

**3. ጸገም ዋሕዚ ደም ኣለኩም* ዶ ወይ ንደም ዘቕጥኑ መድሃኒታት ትውስዱ ዲኹም፧**

0 እወ　　　　0 ኣይፋል

**4. ኣባኹም* ቁጥዐ ፍሉጥ ድዩ፧**

0 እወ　　　　0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት_______________________________________________

**5. ኣባኹም* ድሕሪ ቅድሚኡ ዝተገብረ ክታበት ናይ ቁጥዐ ኩነታት፣ ልዕል ዝበለ ረስኒ፣ ጉዳያት ምጥፋእ ወኒ ወይ ካልኦት ዘይንቡራት መልስታት ተቐልቂሎም ኔሮም፧**

0 እወ　　　　0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት_______________________________________________

**6. ንብዕድመ ክወልዳ ዝኽእላ ኣንስቲ፦ ኣብ ጥንሲ ኣለኽን ወይ ተጥብዋ ዲኽን*፧**

0 እወ　　　　0 ኣይፋል

**7.  እስኹም* ኣብቶም ዝሓለፉ 14 መዓልትታት ተኸቲብኩም ኔርኩም፧**

0 እወ　　　　0 ኣይፋል

* ምናልባት እዚ ካብቶም ሕጋውያን ወከልቲ ክምለሽ እዩ።

መግለጺ ስምምዕ ንክታበት ኮቪድ-19 - ምስ mRNA-ክታበት

ስም ናይቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ (ስም-ስድራ፣ ቀዳማይ-ስም)፥

__________________________________________________________________________

ዕለት ልደት፡- ______________________________

ኣድራሻ፡- ____________________________________________________________________

ትሕዝቶ ናይዚ መግለጺ ሰነድ ሓበሬታ ተረዲአ ኣለኹ ከምኡ'ውን ሰፊሕ ዝርርብ ምስ ሓኪመይ ክታበት ክካይድ ኣማራጺ ነሩኒ።

- ተወሰኽቲ ሕቶታት የብለይን።
- ምስቲ ዝተመኽረ መባእታ mRNA ዘለዎ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ተሰማሚዐ ኣለኹ።
- እቲ ክታበት እነጽግ ኣለኹ።
- ንሕክምናዊ መግለጺ ዝርርብ ብግሉጽ እነጽግ ኣለኹ።

ምልክታታት፥

ቦታ፣ ዕለት፥ ________________________________________________

___________________________________________ _______________________________

ክታም ናይቲ ዝኽተብ ሰብ
ወይ ናይቲ/ታ ሕጋዊ ወኪል
(ሞግዚ/ት፣ ሕጋዊ ተሓታቲ/ት ክንክን ወይ ኣላይ/ት)

ክታም ናይቲ/ታ ሓኪም